

ሓዳስ ኤርትራ


መበል 34 ዓመት ቁ.75 | ረቡዕ 27 ሕዳር 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ጽውጽዋያት መለኮታዊ ስርወ-ንግስነት . . .


ገጽ 4
ድኻታት ሃገራት ዘማረራሉ ዋዕላ ክሊማ


ገጽ 5
ንጥበ መቑይሮ


ገጽ 6
ብድሆታት ጎብየ ባሕሪን ንምዕቃቦም ዝትግበሩ ጻዕርታትን


ገጽ 11
"ጽልዋ ሮናልዶን መሲን . . .


# ፕረዚደንት ኢሳይያስን ጀነራል ኣልቡርሃንን፡ ኣብ ክልተኣዊ ዝምድና ተዘራሪቦም

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ኣቦመንበር ልኡላዊ ባይቶ ሱዳን - ጀነራል ዓብዱልፋታሕ ኣልቡርሃንን፡ ኣብ ክልተኣዊ ዝምድናታት፡ ምዕባሌታት ሱዳን፡ ከምኡ'ውን ህልው ዞባዊ ጂኦፖለቲካዊ ኩነታት ዘተኩረ ዝርርብ ኣካዪዶም።


ኣብ'ቲ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ቀትሪ ኣብ ኣዳራሽ ሃገር ዝተኻየደ ዝርርብ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ጽኑዕ መትከላዊ መርገጺ ኤርትራ ኣብ'ዚ ኣብ ሱዳን ተኸሲቱ ዘሎ ኩነታት ደጊሙ ብምርግጋጽ፡ ጉዳይ ሱዳን ብሱዳናውያንን ደገፍ ፈተውቲ ጎረባብቲ ሃገራትን ጥራይ ፍታሕ ከምዝረክብ ኣጺሩ።

ልኡላውነት፡ ርግኣትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ሱዳን እቲ እኹል ምርጫ ዝኾነ ምዃኑ ዝገለጸ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኤርትራ ነዚ ንምስማር ምቕሉል ተራኣ ዝኾነ ሓብሬታ፡ ኣብ'ዚ ንሱዳን ኣጋጢሙ ዘሎ ከቢድ እዋን፡ ህዝቢን መራሕቱን ኤርትራ ንህዝቢ ሱዳን ንዝገበርዎ ዝዑበርዎ ዘለዉን ደገፍ ምስጋናኡ ድሕሪ ምግላጽ፡ ነዊሕ ሰረት ዘለዎ ዝምድና ክልተኡ ህዝብታት ዝያዳ ንምዕማቑ ዘሎ ድሌትን ድልውነትን ኣረጋጊጹ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ጀነራል ዓብዱልፋታሕ ኣልቡርሃንን ኣብ ጉድና ሓርነት ብእግሪ ኣብ ዝተዛወሩሉ፡ ብኤርትራውያንን ሱዳናውያንን ንምሕዝነት ክልቲኡ ህዝብታትን መንግስታትን ዘመጉስ ደሙቕ ኣቀባብላ ተገይሩሎም።

ብድሕሪ'ዚ፡ ጀነራል ዓብዱልፋታሕ ኣልቡርሃን ናይ ሓደ መዓልቲ ዑደቱ ዛዚሙ ናብ ሃገሩ ኣብ ዝተፋነወሉ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብናይ ክብሪ ሰልፊ ኣፋንይዎ።


ስእሊ - ታእዛዝ ኣብርሃ




ስእሊ - ሳልሕ ዓብደልቓድር

ከምእትጸወት ኣረጋጊጹ።

ኣቦመንበር ልኡላዊ ባይቶ ሱዳን - ጀነራል ዓብዱልፋታሕ ኣልቡርሃን ኣብ

ኣቦመንበር ልኡላዊ ባይቶ ሱዳን - ጀነራል ዓብዱልፋታሕ ኣልቡርሃን ናይ ስራሕ ምብጻሕ ንምፍጻም ሰዓት 10:00 ረፋድ'ዩ ኣስመራ ኣትዩ።

ኣብ'ቲ ናይ ምቕባል ስነስርዓት፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ተረኺቡ ነይሩ።

ሚኒስተር ባህልን ዘናን ኣ'ሰይድ ኻልድ ዓሊ ኣልእዲሰርን ሓላፊ ኣገልግሎት ሓፈሻዊ ጸጥታ ሌተናን ጀነራል ኣሕመድ ኢብራሂም መፈደልን ምስ ጀነራል ኣልቡርሃን ሓቢሮም መጺኦም ነይሮም።

## ቅነ መንእሰያት ተመሃሮ ዋርሳይ-ይከኣሎ ተዛዚሙ

"ዕላማና፡ ክብርታት ሰውራ ክወርስ ዝበቅዕ ወፋይ መንእሰይ ምህናጽ'ዩ" ብዝብል ቴማ፡ ብምትሕብባር ሃማመተኤ ዞባ ሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትን ምስ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝተወደበ ዓመታዊ 'ቅነ መንእሰያት ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ፡ ብ23 ሕዳር ተዛዚሙ።

እዚ ትምህርታዊ፡ ባህላዊ፡ ምህዞኣዊ፡ ስፖርታዊ፡ ሱ-ጥበባውን ካልእን ውድድራት ሓቝፉ ካብ 21 ሕዳር ክካየድ ዝቐነየ መድብ፡ ነቲ ኣብ ዕረፍቲ ዘለዉ ተመሃሮ መወዳደሪ ባይታ ብምፍጣር ከም ዝዘዩ ንምጥር ምኽኑ፡ ኣካይድቲ ናይ'ቲ ቅነ ሓቢሮም።

ሓላፊ ፖለቲካን ውዳበን ሃማመተኤ ዞባ ሳዋ መንእሰይ ከስተ ጉብረኣማን ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ንኣጋዳሲነት ናይ'ቲ ቅነ ኣብ ንቕሓትን ፈጠራውነትን ተመሃሮ ብምጥቃስ፡ እቲ መደብ ንኽዕወት ተራን ኣበርክቶን ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎትን ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎን ልዑል ምንባሩ ገሊጹ።

ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ደበሳይ ግደ ብወገኑ፡ እቲ ብተመሃሮ ዝካየድ ባህላዊ፡ ስነ-ጥበባውን ትምህርታውን ውድድራት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናሰፍሐን እናማዕበለን ምምጽኡ፡ መርኣያ ኣገዳስነቱን ውጽኢታውነቱን ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ውድድራት ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ድራማ፡ ሓጺር ዛንታ፡ ግጥሚ፡ ምንጽብራቕ ምስሊ ገድሊ፡ ምርኢት ቅዲ ክዳን፡ ክትዕን ትልሂትን ብውልቅን ብጉጅለን ንዝተዓወቱ ሽልማት ክዕደል ከሎ፡ ቀዳማይ ክፍሉ ስራዊት ጉበለል ናይ'ቲ ቅነ ብምዃን ደሚቑ።

## ሃማደኤ ዞባ ማእከል፡ ንቕሓት ደቂኣንስትዮ ንምብራኽ ይሰርሕ

ጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኤርትራ ዞባ ማእከል፡ ኣፍልጦን ንቕሓትን ደቂኣንስትዮ ብምብራኽ ውዳበታተንን ተሳታፍነተንን ንምዕዛዝ ይሰርሕ ከምዘሎ፡ ሓላፊት ኣሃዱ ፖለቲካዊ ጉዳያት ወ/ሮ ሰለሜ ጉብረስላሴ ገሊጻ።

ወ/ሮ ሰለሜ፡ ኣብ ዝሃበቶ ሓብሬታ፡ ደቂኣንስትዮ ግቡኣተንን መሰላተንን ክፈልጣ፡ ማሕለኻታት ሰገረን ደማ ማዕርነተንን ተሳታፍነተንን ብስራሕ ከረጋግጻ ዝሕግዝ ጉስጓሳት ብቐጻሊ ከምዘውሃብ ብምጥቃስ፡ ብቐጠባ ኑብሰን ንክኽእላ'ውን ናይ ስልጠናን ልቓሕን ዕድላት እናፈጠረ ከምዝድግፈን ኣረዲኣ።

ሰራሕተኛታት ኣደታት ኣብ ዝሰርሓሉ ትካል መውዓሊ ህጻናት ክህሉ፡ ኣብ ብቑዓተንን ኣድማዕነተንን ሓጊዚ ስለዝኾነ፡ ማሕበር ብዕቱብ ካብ ዝንቀሳቐሰሉ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኩለን ትካላት ዓቢ ቆላሕታ ሂበን ክሰርሓሉ ተላቢያ።

## ታሪኽ

(2ይ ክፋል)

# ጽውጽዋያት መለኮታዊ ስርወ-ንግስነት ዘይፈደየ ንድየት

ሱልጣን መሓመድሰዒድ

ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኤርትራ፣ ኣብ ሜዳ እትሕተም ዝነበረት መጽሔት 'ፍጻመታት'፡ ኣብ ናይ ሉካቲት 1985 ሕታማ፡ መርገጺ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ ጉዳይ ኣፈታትሓ ሕቶ ብሄራት ኢትዮጵያን እቲ ውድብ ምስ ደሞክራሲያውያን ምንቅስቓሳት ኢትዮጵያ ዝነበሮ ዝምድናን ዝምርኩሰሉ መትከላትን ዘጽርዕ ወግዓዊ መግለጺ ኣስፊራ ትርከብ። ካብቲ ትሕዝቶ እቲ ሰነድ እዚ ዝስዕብ ይርከቦ፥

"ኣብ ኣርብዓታት ናይ'ዚ ዘመን'ዚ፡ ብመንግስቲ እንግሊዝ ንኢትዮጵያ ዝተዋህበ ምዕራብ ሶማል ጉዳዩ፡ ዘመናዊት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ወሻጣ ዝነበረ ናይ መስፍናውያን ገዛእቲ ውድድር፡ ኣብ መወዳእታ 19 ክፍለዘመን ብዮብኦልኦት ምኒልክ ምስ ተዛዘመን እቲ ሃጸይ ኣብ ሓጺር እዋን ናብ ደቡብን ምዕራብን ብምስፍሕፋሑ ደባቱ ምስ ሓንጸጸን እያ ቈይማ። ሽሕ'ኳ፡ ቅድሚ'ቲ ግዜ'ቲ፡ ኣብ መሬት ናይተን ጭቁናት ብሄራት፡ ንሓድሕደንን ምስተን ናይ ኣምሓራ ዝውዳደራን ወሰኑን ሓይልን ጽልዋን ዝነበረንን ናይ መሳፍንቲ ግዝኣታት እንተነበራ፡ ጽንዑ ቀጣዒ ምትእስሳርን ሕንጻጽ ደባትን ዝነበረን ናጻ ናይ ኦሮሞ፡ ትግራይ፡ ዓፋር ወይ ካልኦት ሃገራት ኣይነበራን። ስለዚ፡ ኣብዘን ብሄራት'ዚኣተን ናብ ናይ ቀደም ነጻ ህላወ ናብ ነጻ ሃገራዊ መንግስቲ ክንምለስ ዝብል ኣተሓሳስባ ክልዓል ኣይክእልን እዩ። ናይ ምንጻል ጠለብ ከኣ ታሪኻዊ መሰረትን ምርኩስን የብሉን።"


ፖለቲካውን ታሪኻውን ጽውጽዋያት ኢትዮጵያ፡ስም ነገስታት መለኮታዊ ምኽንያት ከረድኦ ብዙሓትን ኣገባብ እዩ ዝጀምር። እቲ ፈለማ ኢብሩመለክ ዝተሰምየ፡ ምስ ምንዋሕ ግዜ ግና ኣጸዋውዓ እናተቐየረ፡ ቀዳማዊ ምኒልክ ዝተባህለ ናይ ጥንቲ ጽንጽውያዊ ንጉስ ኣብሰንያ ሓደ ኣብነት ናይዚ እዩ። ምኒልክ እቲ ኣዝዩ ልዑል ዝበለ ምድራዊ ወከል ኣምላኽ ምኳኑ ኣብ ልቢ ብዙሓት ኢትዮጵያውያን ዓብላሊ ርእይቶ ምንባሩ ቶም ጋርድነር ኣብታ ብ2024 ንሕትመት ዝበቕዓ 'ዘ ኣቢይ ፕሮጀክት' ዘርእስታ መጽሓፉ ይጠቅስ።

ኣብታ ብ1886 ብዳግማዊ ምኒልክ ኣብ እምባ እንጦጦ ዝተደኰነት ማእከልን መጫጭሒ ቅርጻዊ ግርጭት እታ ሃገርን ዝኾነት ከተማ ኣዲስኣበባ፡ ኣኽሊል ስልጣን ዝደፍኡ መንግስታት ዝሃጽዋ ዝንበዕ ታሪኽ ግን ምንጩ ካበይ እዩ፧ እዚ ብበእዋሩ ማበሊ ኩሉ ሽግራት ናይታ ሃገር ዝኾነ ልቢወለድ ታሪኽ'ዚ፡ ማለት ዘይነበረ ናይ ፈጠራ ዛንታ ምምሃዝን መንነት ሰረት ዝነበረ ናይ ህንጸት ሃገር ስሑ ሓሳብ ምኽታልን ንሱ ዘኸተሎ ሳዕቤናትን ከመይ ይመስል፧

'ሕብረተሰብ ካበይ ናበይ' ኣብ ዘርእስቱ፡ መጽሓፍ ሰራቒ ክፍሉ እዚ ኣብዚ ዘመናዊ መዋእል እንዝሎ ዘሎና ቀንዲ ምንጪ ምዝንባዕ ታሪኽ ኮይኑ ዝርከብ ጽውጽዋይ መለኮታዊ ስርወንግስነት፡ መጽሓፍ ብሉፀን ጌታን ህሩይ ካብ ዝጠቐሶ ተበጊሱ ከምዚ ዝስዕብ ኣቕሚጥዎ ንረኽቦ፥

"ታምራን ዝበሃል ነጋዳይ ኣብ የርሳሌም ዝርኣዮ ናይ ንጉስ ሰሎሞን ስራሓትን ጥበበን ንንግስቲ ሳባ ምስ ገለጸላ፡ ካብ ብጽዝዚ ምስማዐ ብዓይኒ ምርኣይ ይሓይሽ ብምባል፡ ካብ ኣኽሱም ንዮርሳሌም ተበገሰት። ኣዕራብ ግና ሰሎሞን ፈታዊ-ኣንስቲ (መፍቀራ-ኣንስት) ስለዝነበረ፡ ብምስጢር ብዙሕ ደቡዓ ይልእኽላ ነይሩ ይብሉ። ክትከይድ ከላ ብዙሕ ወርቅን ዑንቅን ክቡር ሽቶን ሒዛ ከይዳ። ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ የመን ኣብ ትሕቲ ግዝኣታ ስለ ዝነበረት፡ ቀይሕ ባሕሪ ሰጊራ ኣብኡ ምስ በጽሐት፡ ሸመኛታት የመን ኣብ ኣግማል ብዙሕ ሰንቂ ጸዒናም ተቐቢሎዋ። ምስ ብዙሓት ዓጀብታ፡ ካብ የመን ተበጊሳ የርሳሌም ምስ በጽሐት፡ ንጉስ ሰሎሙን ብልዑል ደስታን ክብርን ተቐቢሉ መዕረፊ ቦታ ሃባ። ... ብዙሕ ኣዕለለም፡፡ ንግስቲ ሳባ ዓደይ ክምለስ እየ ምስ በለቶ፡ ሰሎሞን ፈታዊ-ኣንስቲ ምስዛ ናይ ዓለም ክብርትን ወርይትን ብወለንታ ስጋዊ ርክብ ፈጸመ። ንሳ ድማ ብድንግልናኣን ንጽህትን ስለዝነበረት ቀልጢፋ ጠነሰት። ጥንሳ ምስ ፈለጠት፡ ዘምያ ጠራሳ ከይትብሃል ብቕልጡፍ ዓዳ ተመልሰት። ቀይሕ ባሕሪ ተሳጊራ ኣብ ኣውራጃ ሓማሴን 'ማይበላ' ኣብ ዝተባህለ ዓዲ ምስ በጽሐት ድማ ወዲ ወለደት። ነቲ ቈልዓ ድማ 'ኢብሩ-መለክ' ኢላ ሰመየቶ። ትርጉሙ 'ወዲ ንጉሰ' ማለት እዩ። ምስ ምንዋሕ ግዜ ግና ኣጸዋውዓ እናተቐየረ ምኒልክ ተባሂሉ። ኢብሩ-ሓኪም እውን ተባሂሉ እዩ። ወዲ በሊሕ ወይ ፈላጥ ማለት እዩ። ምኒልክ ምስ ገባዚ 'ኣቦይ መን'ዩ' ኢሉ ሓተታ። ንሳ ከኣ፡ 'ኣቦኻ ናይ የርሳሌም ንጉስ ሰሎሞን እዩ' በለቶ። ብዙሕ ተሓጒሰ። 'ኣብ መበል 20 ዓመቱ ድማ ንኣቦኡ ሰሎሞን ክርኢ ንጀርሳሌም ከይዱ። ንጉስ ሰሎሞን፡ ብዓቢ ሓጎስን ክብርን ተቐበሎዎ። ኣብ የሩሳሌም 3 ዓመት ድሕሪ ምጽናሕ ድማ ንሃገሩ ኢትዮጵያ ተመልሰ' ይብል፡ ኣብ መጽሓፍ ብሉፀን ጌታ ዝሰፈረ ጽውጽዋይ።

ቀጺሉ ሰራቒ ክፍሊ እቲ "ነገስታት




ኣብሲንያ፡ ካብ '900 ዓመት ቅድሚ ልደተ-ክርስቶስ ጀሚሩ' ዝብልዎ ሰሎሞናዊ ስርው-መንግስቲ፡ካብቲ ናይ ኤውሮጳውያን ገዛእቲ ፈጠራዊ ታሪኽ ብዙሕ ዝፍለ ኣይኮነን። ዝፈላልዮ ሃገር እንተሎ፡ ኤውሮጳውያን ነገስታት፡ እቲ ብፈጣሪ ዝተባረኸ 'ናይ ኣሽሓት ዓመታት ስርው-ንግስነት' ዝብልዎ ሓቂ ዘይምኳኑ ሓፋሽ ኾፊሖሉ ጉዶም ምስ ተቐልዐ፡ በብቑሩብ ክገድፍዎ ከለው፡ ኣብ ኢትዮጵያ ግና ክሳብ ሕጂ ከምኡ ዝዓይነቱ ጽውጽዋይ ዝኣምን ብዙሕ ሰብ ኣሎ። ኣብ ኤውሮጳ እቲ ከምዚ ዝኣመሰለ ጽውጽዋይ ምስ ተኸሽሐ፡ እተን ቅዱሳን ዝበሃላ ዝነበራ ቋንቋታት - ላቲን፡ ግሪኽ፡ እብራይስጥ - ከምተን ካልኦት ቋንቋታት ተቘጺረን ብማዕረ ከም ዝውዳደራ ኮይነን።" ይብል።

ሚቸላ ሮንግ ኣብታ 'I didn't do it for you' (ስለኹም ኣለ ኣይገበርኩምን) ዘርእስታ መጽሓፉ፡ ዝ. ጉዳይ'ዚ፡ 'መርዓ ንግስቲ ሳባ' ብዙብል ኣርእስቲ ምዕራፍ ምሉእ'ያ ሂባቶ። 'ኩሎም ሰባት ካብ ፈጣሪ'ዮም። ኢትዮጵያውያን ግና ሓለፋ ኣለዎም' ዝብል መሰደመም ሕሉፍነት ናይቶም መንነቲ ዛንታ ድማ ከም ኣብነት ትጠቅስ።

ሶማል-ኢትዮጵያዊ ተንታኒ ፖለቲካ ኣፍሪቃ ፕሮፌሰር መሓመድ ሓሰን ኣብ ሓደ እዋን እዚ ጽውጽዋይ'ዚ፡ ነቲ ሓቀኛ ታሪኽ ዘዘንበዐ ምኳኑ ንምግላጽ፡ እታ የመናዊት ንግስቲ ሳባ 70 ዓመታት ድሕሪ ሞት ንጉስ ሰሎሞን ከምዝተወልደት'ዩ ጭብጥታት ኣሰንዩ ዝምጉት። ሚቸላ ሮንግውን ኣብ መጽሓፉ፡ ነቲ ኢትዮጵያውያን መራሕቲ ብጽእና ከምዝለምም ንኽርእዩ ዘዝንትውዎ ጽውያ ንግስቲ ሳባ ፍጹም ታሪኻዊ ሓቅነት ከምዘይብሉ እያ ትገልጽ።

ሚቸላ ሮንግ፡ ዛንታ ንግስቲ ሳባ ኣብቲ ንታሪኽ ኢትዮጵያ ዝድህስስ ማእለያ ዘይብሉ መጽሓፍቲ፡ ተደጋጊሙ ስለዝቐረበ፡ ጽውጽዋይነቱ እናሃሰሰ ንዘመናዊት ኢትዮጵያ ዳጊፉ እናኾነ ከምዝዘሰደ'ያ ጽሒፋ። ኣብ ሕቶ ልኡላውነት ኤርትራ ድማ፡ እዚ ጽውጽዋይ'ዚ፡ ነቶም ሰብ መበል 20 ክፍለዘመን ኤውሮጳውያን ፖለቲከኛታት ከይተረፈ ኣዝዩ ከምዝጸለወ ሮንግ ትሕብር። ንሱ ንወለዶታት ናይ ሕጂ ኢትዮጵያ ምስ ሕሩያት ዝበሃሉ ዓሌት ንምልጋብ ክሳዕ ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ከይተረፈ ዳግመ-ምጽሓፍ ከምዝተኻየደ'ያ እተቃልዕ። ኣብ ዝንበዕ ጽሑፋት ክሳብ ዓሰርተ ትእዛዛት ዝሓዘ ቅዱስ ጽላት ሙሴ ኣብ ኢትዮጵያ ከምዝርከብ ዝጸዋዕ ዛንታ ከምዝሎ ድማ ትገልጽ። ሚቸላ ሮንግ እቲ መበል 225 ወለዶ ንጉስ ሰሎሞን ምኳኑ ዝገልጽ ናይ ንጉስ ሃይለስላሰ ትረኻ፡ ምስቲ ሽርጃል ንሮማውያን ምስ ጀጋኑ ትሮይ ንምትኣስሳር ኣሉ ዝደረሶ መስተንክራዊ ጽውጽዋያዊ ጽሑፍ 'ኢኔይድ' ተመሳሲሉ።

ኣብ 1380 ኣብ ትግራይ ዝተወልዱ ኣባ እስጢፋኖስ፡ ኣብ ግዜኦም ንዳግመ-ምጽሓፍን ምዝንባዕን መጽሓፍ ቅዱስ ኣትሪሮም ዝተቓወሙን ዝገሰገሱን መወዳእታኡ ከኣ ብዙሕ ግፍዒ ዝጸሩን ካህን እዮም ነይሮም። ካብቲ ኣርባዕተ መማኮኒ ነጥቢታቶም ሓደ ዘይቅርዐይ ኣካይዳ ናይታ ሽዑ ዝነበረት ቤተ-ክርስትያን ኮይኑ፡ "ሓንቲ ጽላት ሙሴ ኣብ ኢትዮጵያ እያ ዘላ" ዝብል ትረኻ ጽውጽዋይ'ምበር ፍጹም ሓቅነት ከምዘይብሉ ዝከኣሎም መጉቶም እዩ። እንተኾነ ሰሚዒ ኣይረኸቡን ጥራይ ዘይኮነ ብዙሕ ተገፊዖም።

ጽውጽዋያዊ ሃገራዊ ታሪኽ ኢትዮጵያ፡ ዝኾነ ታሪኻዊ ሓቂን መሰረትን ዘይብሉ ፈጠራ ምኳኑ ዘመዝበን ኣእምሮ ዝለዎ ሰብ ኩሉ ብሩህ እኳ እንተኾነ፡ ኣብ ሕመረት ኢትዮጵያዊ ሃገራዊ መንነት ጽልዋ ኣየሕደረን ክበሃል ኣይከኣልን። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስኣበባ ተሓጋጋዚ ፕሮፌሰር ታሪኽ ሽፈራው በቀለ፡ "ዝተሓላለኸን ጥውይዋይን መስመር እኳ እንተኾነ፡ ብበለ መዳይ እቲ (ኢትዮጵያውያን) ፍሉያት ምኳንና ዝስዕማና ስምዒት ካብዚ ትረኻታት'ዚ ዝተላዕለ ክኸውን ይኽእል እዩ" ብምባል ነቲ ኣብ ሃገራዊ ስነ-ኣእምሮ ሰሪጹ ሱር ዝሰደደ ስምዒት ዓሌታውን ባህላውን ልዕልና ናይ ገለ ክፋል ሕብረተሰብ'ታ ሃገር የመኽንዮ።

ይቕጽል . . .

---

# ዜና ባጽዕ - ሃኮሰኤ ንሰራሕተኛታት ስልጠና ወሂቡ

ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ ኣብ ምሕያል መራሕቲ ማሕበር ሰራሕተኛታት ዘተኰረ ስልጠና፡ ካብ 19 ክሳብ 21 ሕዳር ኣብ ባጽዕ ወሂቡ።

ኣብ'ቲ ኣብ ኣገባብ ዘተ ማሕበራዊ ስምምዕን ምድላው ሓባራዊ ስምምዕን ከምኡ'ውን ምሕደራን መራሕትን ዘተኰረ ስልጠና፡ 41 መራሕቲ መሰረታውያን ማሕበራት ሃኮሰኤ ተሳቲፎም።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ሓላፊ ክፍሊ ስልጠናን ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብን ሃኮሰኤ ኣቶ ሙሉጌታ ፍስሓጽዮን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሃኮሰኤ - ምሕያል መራሕቲ ማሕበራት ኣካል ምሕያል ንቕሓት ሰራሕተኛታት ምኳኑ ኣሚኑ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ሰራሕተኛታት ብዲሲፕሊን ዝተሃንጹን ንቕሓትን ኩይናም ኣብ ህንጸት ሃገር ወፉይ እጃም ክበርክቱ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንሰልጠንቲ ወረቐት ምስክር ተዓዲሉ።






---

# ኦምሓጀር - ሞት ኣደን ህጻንን ንምንካይ ይሰራሓሉ

ማእከል ጥዕና ኦምሓጀር፡ ሞት ኣደን ህጻንን ንምንካይ እተኻይዶ ጻዕሪ ጽቡቕ ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ናይ'ቲ ማእከል ጥዕና ነርስ ተኽለይ ግደ ገለጸ።

ንፍሱጾራት ኣብ ቀዳሞት ናይ ጥንሲ ኣዋርሕ ዘድሊ መርመራታት ተመሓላለፍትን ዘይተመሓላለፍትን ሕማማት ከምዝቶቖደለን ብምሕባር፡ እዚ ኑቲ ኣብ ምንካይ ኣብ እዋን ጥንስን ሕርስን ዘጋጥም ሓልኪታት ብምጉዳል፡ ኣብ ምንካይ ሞት ኣደን ህጻንን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ኣብሪሁ።

ሓውሲ ከተማ ኦምሓጀር ሓደ ካብ ዓሰውቲ ከባቢታት ሃገርና ብምኳኑ፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ሕማም ዓሶን ሳዕቤናቱን ክብ ዝበለ ንጥፈታት ከምዘካየዱ ዝሓበረ ነርስ ተኽለይ፡ ኣብ ሓውሲ ከተማ ኦምሓጀር 5 ሽሕ ናመሲያታት ንህዝቢ ከዕደል ከሎ፡ ኣብ ኣስታት 1700 ኣባይቲ መድሃኒት ከምእተነጸገ ሓቢሩ።

ኣባል'ታ ማእከል ጥዕና - ነርስ መወሉዳን ጺጋይ ከበደ ብወገኣ፡ ኣብ ቀዳሞት ትሽዓተ ኣዋርሕ ናይ'ዚ ዓመት፡ ክንክን ቅድሚ ሕርሲ ብ5 ሚእታዊት ዕብየት ከመዝዮብ ከሎ፡ ልዕሊ 400 ኣዴታት ኣብ'ታ ማእከል ጥዕና ከምዝሓረሳ ብምግላጽ፡ እዚ መርኣያ ሰሪጹ ዘሎ ንቕሓት ከምዝኾነ ኣገንዚባ።

ተገልገልቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ብቐረባ ረኺቦሞ ዘለዉ ኣገልግሎት ጥዕና፡ ካብ ሓልኪ ግዜን ገንዘብን ብምድሓን ኣብ ምውሓስ ጥዕናኦም ዓቢ ኣበርክቶ ይገብር ከምዘሎ ገሊጾም።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ዝኣረገ ህይወተይ ክጉሕፎ

*13 ሕዳር 2012*

4፡30 ድ.ቐ.

ለካ እዚ ሰብ ሓቂ'ዩ። ስለምንታይ ዝበዝሐ ሰብ ኣብዚ ዕድመይ ብፍቕሪ ጓልን ወድን የዕልል ሎሚ ዝበርሃለይ ይመስለኒ። ኣበይ'የ ነይረ!? እንድዒ! ወትሩ ዕላልና ብዛዕባ ፍቕሪ ክኸውን እንከሎ፡ እንሓንሳእ የቘጥዓኒ ነይሩ። እዚ ሰብ ካልእ ዝዕለል ድዩ ስኢኑ... ከዕልል ብፍቕሪ፡ ክመራመር፡ ክበኣስ፡ ክቕየም፡ ክሓሚ፡ ከውሪ፡ ክጽሕፍ... ኩሉ ብፍቕራዊ ዕርክነት ኲይኑ እብል ከኣ ነይረ። እዋይ ኣነ! ዓለም ደኣ መዓስ እነብራ፣ ተስፋ ደኣ መዓስ ብሓቂ እፈልጣ፣ ህይወተይ ደኣ መዓስ ትርጉም እህባ ነይረ። ዓይነይ ደኣ ብርሃን ክርእያ ዝኽእላ ይመስላኒ ዘይነበራ። እንተ ብርሃን ዓይኒ በየን ደኣ መጻእክኒ?

ካብ ዝፈልጣ ነዊሕ'ያ ገይራ። ሓንሳእ ምስ ተራኣኣና ነዊሕ ኢና ተጣፊእና። ሎሚ ኣብ ጥቓይ ሰፊራ፡ ዘቃራርበና ምኽንያት ምስ ተረኽበ ግን ዳርጋ ኣብ ሳልስቲ ንርእአ ኣለና። ቅድሚ ገለ እዋን ካብ ሓደ ካንሸሎ ብሓደ ወጻእና። ንሳ ናብ ገዛኣ ኣነ ኸኣ ናብ ካልኣይ። ጸልማት ብምንባሩ ከፋኑዋ ነይሩኒ። ኩሉ ንእግረ-መገደይ ብምንባሩ ጸገም ኣይነበሮን። ቍሪ ኣብ ሽዓ በጺሑ ህልም ኢሉ። ንፋስ ሃዲኡ። ክትዛወረሉ ዝጠዓመ ኵነታት ኣየር ነይሩ። ጸቕጢ ኣይነበረን፣ ሃሩር ኣይነበረን፣ ጸቕጢ ግን ውሽጠይ ብግንባረይ ወረር ኢለን። ደሓን ይእቶ...! ከወለለይ'ንካ ጸልማት።

ካብቲ መዓልታዊ ንለዋወጦ ሰላምታ ሓሊፉ ካልእ ዝኣሰረና ነገር ክሓስብ፡ ትም ኢለ ነዊሕ ከድኩ። ንሳ ብዛዕባ ማሓዛኣ ተዕልለኒ ስለ ዝነበረት ግን ኣየስተውዓልትለይን ትኸውን፣ ኣዒንቲ ኣዋልድ ልክዕ ከም ናይ ማንቲለ'ዩ ምበር። ዝብላ ጠፊኡኒ "እናጠፋእኪ እንዲኺ?" ኢለያ። ካበይ'ያ ጠፊኣ ዝፈልጦ ነገር የለን። "ንስኻ'ሞ መዓስ ተዕልል ኴንካ፡" ኢላ መለሰትለይ። ምናልባት ዝበዝሐ ግዜ ትም እብል እኸውን'የ። ስጉዳም ግን ኣይኮንኩን መሰለኒ። ከም ካልእ ሰብ ብቐሊል ነገር ኣይስሕቕን እየ። ስሓቕ!

ቀለልቲ፡ ጥበብን ሃንደበትነትን ዘለዎም ዋዛታት የስሕቑኒ እዮም። 'ከም ሰበይ ኩሉ ሳዕ ስሓቒ ዘይኮንኩ' ኢለ እሓስብ እየ። ኣብ ውሽጠይ ብዙሕ ዘይወጽኣለይ ቃንዛ ግዲ ኣሎ ኸይኑ ግን እንድዒ። ካብ ብስሓቕ ክርትም ዘብሉኻ ኮሜዲታት ስምዒተይ ቀስቂሶም ዘንብዑኒ ፊልም ክርኢ እቕለኒ። እቶም ብናፍቖት እናንሸራረቱ ሒዞሙኒ ዝዕዘሩ እናጸላእኩዎም እፈትዎም። ናብ ሓጐስ ዝመርሑኒ ቀመማት የድልዩኒ እዮም። ገነት ከኣ ቀመም ኲይና ህይወተይ ከተመቅሮ ተመንየ፡ ብሂገን ብልበይ ደልየን። ዕውር ባህጊ ሒዘ፡ ዕኑድ



ከይከውን ምእንታን ከኣ ባህጋ፡ ሕልማን ትምኒታን ክሰምዕ ደልየ። ከምታ ኩሉ ሳዕ ዝሃርፉ ጓል ናታ ዓለም ዘለዋ ወይ ዓለማ ክትሃንጽ እትቃለስ ክትኮነለይ ተመንየ መቸም።

ኣብዛ ሓጻር መገድና ብዙሕ ክፈልጥ ከም ዘይክእል እናፈለጥኩ እንክለኹ ዓቕለይ ኣጽቢበ። ምስ ዝምባለይ ዝኸይድ ንእሽተይ ዕላል ከፊትና። ብእኡ ኣቢለ ንእሽተይ ቀሪበያ። እቲ ናተይ ነገር ኣዕሊለ ሓደ ዝጭበጥ ስእሊ ክህባ እዛ ናይ ሓደ ፈርማታ መገድና እኽልቲ ኣይኮነትን። "ኣይተዕልልን ኢኻ" ዝበለትኒ ዘኪረ ዕላለይ እንታይ እዩ ኣጥዕየ ከውግዓ ፈቲነ። ገለ ሰብ ብተዋዛያይ፡ ገለ ተላጋጻይ፡ ገለ ከኣ ብዘይካ ቍምነገር ካልእ ዕላል ዘይብለይ፡ ገለ'ውን ጸወታ ዘይብጽሓኒ፡ ገለ ኸኣ ትም ዝፈቱ ይመስሎም። እቶም ጽቡቕ ገይሮም ዝፈልጡኒ እዚ ኹሉ ባህሪ ርእየሙለይ ይኸኑ እዮም። ምሳይ ብዙሕ ግዜ እንተ ደኣ ኣሕሊፋ እቲ ደስ ዝብላ ባህሪ ኣባይ ክትረኽቦ ትኽእል ትኸውን። እቲ ናይ ሕልማ ወዲ ናባይ ዝቃረብ ምስሊ እንተ ዘህሉዎ ከመይ ጽቡቕ ምኾነ። ዝጀመርናዮ ኣርእስቲ ከይወዳእናዮ ክንፈላለ ኣይመረጽናን መሰለኒ፡ ኣውቶቡስ እናሓለፋኒ ኣይተገደስኩን፣ ንሳ እውን ኣይደረኸትንን። እንተወሓደ ብዛዕባ መጽሓፍ ከነዕልል ንኽእል ኢና። ብእንፈትዎምን ዘንበብናዮም መጽሓፍቲ ትግርኛ ኣዕሊልና። እተን ቍንጣሮ ዘንበብናየን ብዙሕ ኣዛሪበናና። ኤማ ዓርክና (ዛብጥያ) "እቲ ውሑድ ዝፈልጥ፡ ዘለወአ ቀልጢፉእ ይተፍኦን፡" ክብለኒ ዘከርኩዎ። "እተን ዘንበብኩወን መጽሓፍቲ ገና ሓደ ሲሶ ዕድመይ ዘይምእካለን ኣሕፍረኒ። ኣብ ሓንቲ ዓመት ሓንቲ መጽሓፍ ምንባብ ክስእንሲ እንታይ ይበሃል። እታ ዝወሓደት ንንብሰይ ክገብረላ ዝኽእል ጽቡቕ ነገር እዚኣ እያ ነይራ፡" ክብላ ሓሲበ። ኣብ ቀደማይ ናይ በይንና ግዜ ነብሰይ ኣብ ቅድሚኣ ክኸሳን ከንእሰን ኣይደለኹን፣ ውሒጠያ።

ቻው ተባሂልና ኣውቶቡስ ምስ ተሰቐልኩ ኣብ ቀጻሊ ርክብና ብዛዕባ ምንታይ ከዕልላ እሓስብ ነብርኩ። ደድሕሪ መጽሓፍ፡ ዝምስጣ ደርፍታት ኣልዒልና ክንዛረብ ወሰንኩ። ኣብርሃም ኣፈወርቂ ካብቶም ቀልጢፉ ትጠቕሶም ክኸውን ምኻኑ ኣይተጣራጠርኩን። እቲ ዝሓስቦ ስለ ዝብለለይ'ውን ኣፈይ ብእኡ ክኽፍት እኽእል እየ።

*"ውሰድያ ውሰድያ ንስኺ...*

*ወሲድኪያ ወሲድኪያ ንስኺ...*

*ግዳ ኣይትጥለምኒ ቃል ኣቲኻ*

*ሓንቲ'ያ ልበይ ወሲድኪያ ንስኺ..." ኣ.ኣ.*

እናበልኩ ክጅመረላ እኽእል'የ። ጥልመት ኣሰንቢዱኒ'ዩ። ነዛ ብኽንደይ ጋዶ ዝመለስኩዋ ልበይ እዚኣ'ውን ሒዛታ ከይትዕዘር እፈርሕ።

*"ፍቕረይ ዝኣክል ዕድል ሃብኒ ክገልጾ ኣይከኣልኩን...."*

*"...ከምቲ ቁላሕታኺ ከምቲ ፍሽኽታኺ*

*ምሳይን ምስ ነብስኺን ናጻ ኩኒ!" ኣ.ኣ.*

ካብቲ ዝኹርኮሐ ህይወተይ ኣብ ምስጋር'የ ዘለኹ። "ዓኹኺይ ዓኹኺይ!" ኢለ ዝኣረገ ህይወተይ እግሕፎ ኣለኹ። መቐረተይ ትኸውን ይግበራ! ስኣን ኣሜን ትሓልፍ ምረቓ'ዩ፣ ኣሜን!

ገነይተይ... *"ሕመሚ ፍቕሪ'ንዶ ሕመሚ/ ቀጨውጨው በለለይ ኣዲሚ/ ምኽኽ በሊ ከምዛ ጠስሚ/ ክኣባብደኪ ኣብ ጉድነይ ክትከብሪ/ ኩሉ ግዜ ሰቒታ ኣይትፍተዊ/ ሕመምለይ ፍቕሪ ተቐንዘዊ/"* ኢለ'ዶ ብተስፋልደት ክደግመላ።

ጎሞራ

## ኣላ ዓባየይ ሽኮር

*12 ጥሪ 2013* - ቀዳም 1፡00 ድ.ቐ.

ዓባየይ ነቲ ምቁር ዕላላን ጽውጽዋያታን ካብ ትገድፎ ዳርጋ ዓመታ ገይራ። ኣብ ገዛና ኣነ ጥራይ ከም ዘለኹ ዕላላ ምሳይ'ዩ። ካብ ትምህርቲ ተፈዲሰ ምስ መጻእኩ ኢዳ ክሳለማ ከለኹ፡ 'መርሓባ ጆሊ ጓለይ' ብምባል ካብቲ ኣብ ገዛ ዝወዓለ ቍርሲ-ቡንን ገለን ሓቢኣትለይ ጸኒሓ ትህበኒ። 'ዓሽ ዓባየይ ሽኩር' ኢለ ደጊመ እስዕማ። በቃ ኣብ ትርፊ ግዜይ ዕላለይ ምስ ዓባየይ እዩ። እንተ ሎሚ ግን ደረጃ ትምህርተይ እናወሰኽኩ እኸይድ ብምህላወይ ፈጺመ ንዕላል ዝኸውን ግዜ እረክብ የለኹን። ነዛ መግቢ ንምብላዕ'ኣን እንተ ኾነ ሓደ-ሓደ ግዜስ እርስዖ'የ። ሓቀይ'የ ብሓቂ ብዘይ ምግናን! ስለዚ ኸኣ'የ ነቲ ወትሩ ሃህ ኢለ ዝሰምዖ ዕላል ዓባየይ። ዳርጋ ከም ጸባ ጡብ ኣደይ ዝተፈለኽዎ። በቲ ሓደ ወገን ዓባየይ እንተ ኾነት'ውን ናይ እርጋን ምልክት ግዲ ኮይኑስ ልባ እናጠፈአ ይኸይድ ኣሎ። ኣንኳይዶ ጽንጽዋይ ክትነግረንስ። ትረግጾ'ኳ ኣይትፈልጥን፣ ሽቓቕ እኸይድ ኣለኹ ኢላ ንኽሸነ፣ ማማ ምሳይ እንተ ተቛዪቛ፡ ንዓኣ መሲልዋ ተስተማስል። "ብቐደሙ ካብታ ገዛይ መንዶ ኣምጽኡኒ ኢልኩም'ዩ፡" ትብላ። ኣነ ካብ ምቍያቕ እድሕን። ምሽ ኣሎ ናይ



እርጋን ነገር።

ሎሚ መዓልቲ ንግሆ ዓባየይ ኣብ ቍርሲ ምሳና ኣይነበረትን። ማማ ከኣ "ኣደይ ደኣ ሎሚ ክንደይ ደቂሳ? ናይ ድሓን ድያ?" ኢላትኒ። እንድዒ ክሪኣ'ስኪ ኢለ ኣብ መንጎ ቍርሰይ ናብ መደቀሲኣ እንተ ኣተኹ ዘየላ። "ማማ ዓባየይ የላን!" ብታህዋኽ ተዛሪበያ። ማማ ብድድ ኢላ ንዓይ ደፊኣ ኣትያ። ዘሰንያ ዘይብሉ ካብ ገዛ ኣይነውጸኣን ኢና። "ካንሸሎ ተዓጽዩ ከሎ ናበይ ከይዳ?" በይና ተጭበርብር ነይራ ማማ። እንድዒ በቃ! ሽዑ ኣነን ማማን ተሰሚዕና ዝነበረ ኣይትስሕትዮን ትኹኒ። ብወገነይ'ኳ ብቓላት ክገልጾ ኣይክእልን'የ። ማማ ኸኣ ሓንሳእ ሽቓቕ ትኣቱ ሓንሳእ ካንሸሎ ትወጽእ። በቃ እንታይ ትገብር ከም ዝነበረት ኣይርደኣን ነይሩ። ማማ ሃንደበት "ጆሊ ጓላይ ንፖሊስ ሓቢረ ክሳብ ዝመጽእ ካብ ገዛ ኣይትውጽኢ፡" ኢላ ነጸላኣ ደልያ ዕንይንይ በለት፡ እምበር ብድሕሬኡ ዝረኣኽዎስ ለካ ኣብኡ ነይሩ። ማማ ሕርቕ ኢላ ኣርማድዮ ክፍት ተብል ኣላስ ዓባየይ ኣብኡ በጥ ኢላ። ማማ ገሪምዋ! ነቒኒቓ ኣተሲኣ "ኣቲ'ደ ኣብዚ ደኣ እንታይ ትገብሪ ኣቲኺ?" ሓተተታ። ዓባየይ "ኣቲ 'ታይ'ኺ ትብሊ..." ጽንሕ ኢላ ምስ ኣረጋገጸት ከኣ "ኣቲ ኣበየ ዘለኹ... እዋይ ኣቲ!" በለትና ካብቲ ኣርማድዮ እናወጽአት። ኣነን ማማን ትዋሕ ኢልና። መሊስና ተኪዝና። ኣብኡ ምድቃሳ ከኣ ኣስሒቑና። ሽዑ ዓባየይ ለይቲ ተንሲኣ ሸይና፡ ሃሰስ ኢላ እናተመልሰት ነቲ ክዳውንቲ ሒዛ'ላ ማለት'ዩ። ፍራንሽ'ዩ መሲልዋ በጥ ኢላ። ጸኒሕናስ ዓባየይ'ውን ግብራ ኣስሒቑዋ።

ሰንበት ብምንባሩ ኸኣ ኩሉና ናይ ዕረፍቲ ግዜና እዩ። ኣብቲ ካንሸሎ ሰለስቴና ቡን ቈሊና ብግብሪ ዓባየይ እናሰሓቕና፡ ሽዑ ኣነ "ኣላ ዓባየይ እንታይ ኴንኪ ደኣ ልቺ ዘይትውልዒ?" በልክዋ። ዘይግድሻ ዓባየይ "እንድዕላ መንከ ሓሲብዋ፡" ኢላትኒ። መቸም ምሉእ መዓልቲ ክንስሕቕ ውዒልና።

ኣላ ዓባየይ ሽኮር!

ጆሊ

## መጽሓፍ.... ምስ ኣንበብኩ

*12 ለካቲት 2010*

ቢሮ ዘይብለይ መሲሉኒ ብርሳስ ክጽሕፍ ጸኒሐ። "The picture of Dorian Gray" ትብል መጽሓፍ ኣንቢበ ኣለኹ። ማራ ኣጸሊላትኒ፣ ሓንቲ ካብተን ብፍቕሪ ዘንበብኩወን መጽሓፍቲ ኲይና ኣላ።

ድሕሪ 25 መዓልቲ፡ ጓል 22 ዓመት ክኸውን'የ። ክሳብ ሎሚ እንታይ ገይረ ኣለኹ... 'ክበጽሖም'የ ዝበልኩዎ በጺሐዮም'የ ኢለ ዘፍ ኢለዶ እህሉ?' ኢለ እናሓሰብኩ፡ ኣብዛ መጽሓፍ፡ ነዚ ዝሓስቦ ዝነበርኩ ዘራጉድ ጽሑፍ ረኺበ። እቲ ዶርያን ግሬይ ዝበሃል፡ ነታ ቅድሚ ሓደ ወርሒ ዝተቐብአት ምስሊ ገዛእ-ርእሱ ቀኒኡላ፣ ሽዑ "If it were I who was to be young and the portrait that was to grow old" ኢሉ! ኣበይ'ሞ? ምስ ንእስነትና ዝጠፍእ ግን ከኣ ዘይምለስ ነገራት ብዙሕ ከም ምኳኑ ክንበጽሖ ንደሊ መዕረኡ ብዙሕ'ዩ። ገሊኡ ኣመና ይዓብየና'ሞ ንገድፎ፣ ገሊኡ ዝከኣል ይመስለና ግን ኣብ ባይታ ካልእ ነገር ኲይኑ ይጸንሕ። ሓሲብናዮ ዘይንፈልጦ ድማ ኣብ ህይወትና ተመሊስና እንተ ረኣናዮ ዝበለጸ ኹይኑ ይጸንሕ። ጀሚርና ንገድፎ፡ ኣብ ሓሳብ ጥራይ ንደኽመሉን ንሰላቸወሉ'ውን እልቢ እዩ። ጽባቐ ህይወት ኣብ ንእስነትና እዩ ዘሎ! ብጽባቐ ህይወት ክሓስብ ካብ ዝጅምር ነዊሕ ኲይኑ ኣሎ። መሊሰ ከዕርጎ እብል'ሞ ትብዓት ድማ ስኢነ። ውሳነታት ትብዓትን ሓሳብን የድልዮም እዩ። እቲ ዘውሰንዮ ክተገብሮ'የ ዝህቅን ዘለኹ።

"When your youth goes, your beauty will go with it"

ከም ዝመስለኒ ግን ዘውሰን ሰብ ኣይኮንኩን፣ ሓደ ሓደ ግዜ'ውን ውሳነታተይ (ተማዊተ ዝወሰንኩዎም) ባዕለ'የ ዘፍርሶም። what a bad girl? !!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!? ብዝኾነ በዛ መጽሓፍ ዓቢዶ ክጽለል ዘሎ ተኽእሎ ኣዝዩ ዓቢ ከም ምኻኑ መጠን ዳየሪየይ ንምስክር ክትጽውዒ ትኹኒ ኢኺ።

ኮኾብ

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ድኻታት ሃገራት ዘማረራሉ ዋዕላ ክሊማ

ንኣስታት 11 መዓልታት ኣብ ባኩ ርእሲ ከተማ ኣዘርባይጃን ክካየድ ዝጸንሐ ዓለምለኻዊ ዋዕላ ቀጽጽር ክሊማ (ኮፕ 29)፡ ድሕሪ ብዙሕ ክትዕ ሙብዛሕትኦን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራትን ተጣበቕትን ዘጸግዎ ውሳኔ ኣሕሊፉ ተዛዚሙ። ብሰንኪ እቲ ዝተፈጥረ ዘይምስምማዕ ወከልቲ ደሴታውያን ሃገራት ዋዕላ ረጊጾም ብምውጽኦም፡ ኣብ ዝቐራረብ ነጥቢ ንምብጻሕ ካብቲ ዝተወሰነ ዕለት ናይ 33 ሰዓታት ወሰኽ ተገይሩ ኣብ መፈጸምታ ክበጽሕ ክኢሉ።

ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት፡ ምቅይያር ክሊማ ንምቁጽጻር ዘኽእል ሓምላይ ጸዓት ክማዕብላ ዘኽእል ሓገዛት ክግበረለን፡ ብሰንኪ ብኸላ ዝፍጠር ባህርያዊ ሓደጋታት ኣብ ምምካት ዘኽእለን ንዋታውን ገንዘባውን ሓገዝ ድማ ክወሃበን ንሓያሎ ዓመታት ክሓታ ምጸንሓን ዝፍለጥ እዩ። ካብ ሕጂ ንጸዋ 1.3 ትሪልዮን ዶላር ክወሃበን ዘቕረብኦ ሕቶ፡ ብለገስቲ ሃገራት ተቐባልነት ብምስኣኑ ክሳብ ናይ መወዳእታ መዓልቲ ፍረ ኣይተረኽበን።

ቀንዲ በላዕቲ ዝበዝሓ ዝለምዓ ሃገራት ካብ 250 ቢልዮን ዶላር ንላዕሊ ክምዝሃባ - ድኻ ሃገራት ከኣ ትሕቲ 1.3 ትሪልዮን ዶላር ልግሲ ክም ዘይቅበላ ኣብ ዝበል ዝተፈጥረ ክትዕ ክሳብ መወዳእታ ሰዓታት በጺሐ። ሃብታማት ሃገራት ኣብ ምቁጽጻር ብከላ ዝውዕል ክሳብ 2035 ኣብ ዘሎ ዓመታት 300 ቢልዮን ዶላር ክህባ ተሰማሚዐን ኣለዋ። ካብዚ ሓገዝ እዚ ገሊኡ ብመልክዕ ልቓሕ ዝወሃብ ክኸውን ይኽእል። ኣብ ኣመሪካ ብከላ ዓለም ከም ዘየለን ሰብ ዝፈጠሮ ምህዞ ምዃኑን ዝኣምን ምምሕዳር ስልጣን ይርከብ ስለ ዘሎ፡ ኣመሪካ ሳንቲም ከምዘይትሕግዝ ካልኦት ለገስቲ ይኣምኑ። እቲ ብኣመሪካ ክወሃብ ዝነበሮ ሓገዝ ድማ ባዕላቶም ክምልእዎ ክግደዱ እዮም። ሓገዝ ንምውፋይ ዓቕሚ ዘለወን ግና ምስ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ዝቑጸራ ከም ቻይናን ኢማራትን ዝኣመሰላ ሃገራት ማዕረ ዝማዕበላ ሃገራት ወፈያ ክገብራ ዘገድደን የለን። ግና ከምዚኣን ዝኣመሰላ ሃገራት ብቐጠባ ሃብታማት ከም ምዃነን ብናይ ገዛእ ርእሰን ተበግሶታት በበዓይነቱ ሓገዛት ተተካኢ ጸዓት ከምዝካየዳ ይፍለጥ።

ኣዚ መብጽዓ እዚ፡ ኣብ 130 ሃገራት ዝርከብ 1900 ተጣበቕቲ ማሕበራት ዝሓቘፈ 'ዓለም ለኻዊ መርበብ ክሊማ'



ጭርቃን ብምባል ነጺግዎ ኣሎ። ንህንዲ ወኪላ ኣብቲ ዋዕላ ዝተሳተፈት፡ እቲ ክፀጸአ ዝተባህለ ገንዘብ "ቁንጣሮ" ከም ዝኾነን ንሃገራት ደቡባዊ ክፋል ዓለም ዘጋጥመን ጸበባ ፍታሕ ክህብ ዘይክእል ምዃኑን ገሊጻ። ከተማታት ህንዲ ብሰንኪ ብከላ ብትኪ ተጐልቢበን ብቐትሪ ምርኣይ ስለ ዝተሰኣነ ኣብያተ ትምህርቲ ክዕጾ ትእዛዝ ወጺኡ ምህላዉ ይፍለጥ። ማያት ውቅያኖሳት ናብ ገምገም እናደፍአ ዝውሕጠ ናይ ዘለዋ ደሴታት ወከልቲ እውን "ኣውያትና ዘቃልበሉ ስኢንና" ብምባል ዓቕሊ ከጽብበን ካብቲ ዋዕላ ክወጽኡን ተራእዮም ነይሮም። ትሑት ደረጃ ልምዓት (LDC) ዘለወን ሃገራት እውን ድሕሪ ዕልቕልቓን ህቡብላዊ ማዕበላትን ዝወርድ ሓደጋታትን ዕንወትን ንዘፍጥር ጸገማት ዝፈትሕ ውሳኔ ከምዘይረኸበ ይገልጻ።

ንጋናማ ወኪሉ ዝቐረበ ድማ፡ ክሳብ እታ ናይ መወዳእታ ደቒቕ ሰማዒ ከምዘይረኸብኦ፡ ተዛተይቲ ብዋሕዲ ድቃስን ዕረፍትን ክሳዕ ዝኸዱ ብዘየባትኽ ሽንኮለል መደረ ከም ዘደኻምዎም ገሊጹ።

## ሓያሎ ምህዞታት ዘበጋግስ ዘሎ ቀጽጽር ክሊማ

ብዘይካ እቶም መረረ ሓዘም ናብቲ ዋዕላ ዝኸዱ ተሳተፍቲ፡ ዋሕዲ ማይን ደርቅን ኣብ ምምካት ዝወሰድዎ ስጉምትታትን ልምድታትን ከም ተመክሮ እንተኾነ ብመደረን ብምርኢትን ዘቕረቡ ነይሮም። ኣስታት ሽዱሽተ ሚልዮን ነበርቲ ዘለዋ ኣብ ሓንቲ ከተማ ዝተደኮነት ሃገረ ሲንጋፖር፡ ማይ ሽቓቕ ዳግማይ ብምጽራይ ናብ ንጹህ ዝስተ ማይ ጥራይ ዘይኮነስ በራ ከምእተፍርየሉ እውን ከም ምርኢት ኣቕሪባ ነይራ። ባህርያዊ ሃብቲ ማይ ጽኑዕ ዘይብላ ሲንጋፖር፡ ዝስተ ማይ ካብ ጐረቤት ሃገር ማለዥያ እያ ብዕድጊ እተእቱ። ኣብታ ከተማ ኣብ ኣገልግሎት ዝወዓለ ረሳሕ ማይ ተዋህሊሉ ድማ ዳግማይ ኣብ መዓላ ይውዕል። ኣብቲ ዋዕላ ክሊማ ንምርኢት ዝቐረበን ንዘይለዩ ብጥርሑ ዝዕደል ዝበረን "ኒው ብሪው" ዝተባህለ ካብ ማይ ሽቓቕን ረሳሕ ማይ ከተማን ዝተማስረሐ በራ "ጥዑም" እናበሉ ዘስተማቐርዎ ተሳተፍቲ ነይሮም። ገሰጋስ ልኡኽት ሲንጋፖር ኣብቲ ዋዕላ "ንጣብ ፈሳሲ ናብ መዓላ" ዝበል ኣፍልጦ ንምዝርጋሕ ክኸውን እንከሎ፡ ብዙሕ ኣቓልቦ ከም ዝሰሓበ ይእመን። ኒው ብሪው ካብ ካልእ በራ ዝፈልዮ ጣዕሚ ከም ዘየለ ዘስተብሃሉ ካልኦት፡ እቲ መስተ ምስ ሽቓቕ ዝተተሓሓዘ ስም ቀይሩ 'ብጥቃም ማይ' ከም እተሰየ ክሕብር ጸዊዖም። ሲንጋፖር ግና ብዋሕዲ ማይ-ጥዑም ካብተን ኣዝየን ዝጥቕያ ሃገራት ከም ምዃና ዝማዕበለ መጻረዩ ረሳሕ ማይ ከም ዘለዋን ዝስተ ማይ ካብ 'ጥቃም ማይ' ኣጻርያ ከም እተፍርን ይፍለጥ። ህዝቢ ከይፍንፍኖ ንሓያሎ ዓመታት ጸዕጺዑ መወዓውዒ ክተካየድ ጸኒሓ እያ።

ካብ ሓያሎ ሃገራትን ትካላትን ሓምላይ ጸዓትን ፍርያቶምን ሒዞም ኣብቲ ዋዕላ ምልክታ ክቃልሑ ዝቐጸዩ ሓደስቲ ምህዞታትን ምዕባለ ቴክኖሎጂን ሓምላይ ጸዓት ዘተባብዕ ምርኢታት የቕርቡ ምንባሮም ጸብጻባት የረድኡ።

ኣብዚ ዓመታዊ ዝካየድ ዋዕላ ምቁጽጻር ክሊማ፡ በከልቲ ሃገራት ካብ ተኻኢ ነዳዲ ናብ ተሓዳሲ ወይ ተተካኢ ጸዓት ክሰጋገራ ዘኽእል ሹቶታትን ዝተበጽሐ ዕማማትን የቕርቡ፡ ከም ጸሓያዊ ጸዓት፡ ንፋሳዊ ጸዓት፡ ናይ ሃፋ ጸዓትን ማያዊ ጸዓት (ብመንጭዖጭዕታ) ዝፍጠር ሓይሊ ንዝርጋሐ ኤሌክትሪክ ሃገር ዝትክል ኩይኑ፡ መጐዓዝያ ምድሪ ባሕርን ኣየርን ከኣ ካብ ብከላ ናጻ ዝኾነ ነዳዲ ወይ ብኤሌክትሪክ ክጐዓዝ ዘኽእል ምህዞታት ክምዕበል ኣብዚ ዋዕላታት ክድረፉ ጸኒሖም። ማዕረ እዚ ዝምዕበል ዘሎ ምህዞታት፡ ንምድርና ብጠቕላ ዝበክል ዘሎ ነዳዲ ዘይቲ እናተፋሕረ ይወጽእ ምህላዉ ድማ ብኣንጻሩ ይፍለጥ።

ካብ ዋዕላታት ምቁጽጻር ክሊማ፡ ንሃገሩ ከውጽኣ መብጽዓ ኣትዩ ዘሎ ተመራጺ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ኣመሪካ ዘለዋ ዕቑር ሃብቲ ነዳዲ ክትጭምጉዖ ኣብ ዓለም ካብተን ኣፍረይቲ ሃገራት ሓንቲ ከምዝገብራ ክሕብር ጸኒሑ ኣሎ። ኣብዚ ክካየድ ዝቐጸየ ዋዕላ ከተማ ባኩ፡ ካብተን ኣፍረይቲ ዝበዝሓ ሃገራት ዝኾኑት ሰዑዲ ዓረብ ናብ ጽላት ነዳዲ ዘይቲ ዝተኩረ እማመታት ወይ ውሳኔታት ከይመሓለለፍ ከተጠንቅቕ ምቕናያ ጸብጻባት የረድኡ። ተተካኢ ጸዓት ኣዝዩ ከይማዕበለን ተደላይነት ነዳዲ ዘይቲ እናጐደለ ከይከደን ብከላ ኣየራት ዓለም ክቕጽል ከም ዘኽእል ዘየጋጊ እዩ።

ሃዋህው ዓለም ብጠቕር ምስ ተኸድነ፡ ምድሪ ትሸልቖ እሞ ካብ ማያትን ጠሊ ጅቅጅቓን ሃፋ ብዝበዝሐ ዓሪጉ ከምደብና ይወህለሉ። ብመጠን እቲ ኣብ ባይታ ዝበረ ረሰኒ ኸኣ ጸዑቕ ደበና ይእከብ፡ ብርቱዕ ዝናምን ዕልቕልቓን ከኣ ይዘንብ።

ኣብ መላእ ዓለም ዝረኣ ዘሎ ሃንደበታውን ግዚኡ ዘይሓለወን ዝናብ ካብዚ ዝተላዕለ ምዃኑ ክኢላታት የረድኡ። ብቐንዱ ምድሪ ብሰንኪ ብከላ ኣየር ክትረስን እንከላ ዝፍጠር ዋዒ ዓመታዊ ኣብ ዓለም ብዙሕ ሰብ ይቐትል ምህላዉ ዝፍለጥ እዩ። ኣብ ኣየር ዝፍጠር ዘይንቡር ምምዝባዕ ዝተዓጻጸፈ ዋዒ ስለ ዝፈጥር፡ ኣብ ሓያሎ ሃገራት ዓለም ዝዥድ ብርቱዕ ዋዒ ንዝተናውሐ ሳምንታት እናጸንሐ ንመንብሮ ህዝቢ የመሳቕሎ። ልሙድ ኣመጻጽኣ ዝናብ ከኣ ይመዛበል። ዝናብ ዝመጸሉ ወቕቲ ይደንጉ ወይ ይቕልጥፍ እሞ ዓጸቦ ክስዕብ ይኽእል።

ኣብ ዝሓለፉ ዋዕላታት ምቁጽጻር ክሊማ እንታይ ፍረ ተረኺቡ ኢልካ ምስ ዝሕተት፡ ብዙሕ ዓለማዊ ለውጢ ሓምላይ ጸዓት ክበጋገስ ኣኺኢሉ እዩ ክበሃል ይከኣል። ዓበይቲ ትካላት ኣፍረይቲ መካይን፡ ካብ ተኻኢ ጸዓት ናብ ትኪ ኣልቦ ጸዓት ኣብ ዝካየደኦ ምቅድዳም፡ ሓያሎ ዝለምዓ ሃገራት ሓደስቲ ምዕቡላን ሞዴላት ኤሌክትሪክ መካይን ብዝበዝሐ የፍርያ ምህላወን ይፍለጥ። እቲ ብዝሐ ፍርያት፡ ዋጋ ትኪ ኣልቦ መካይን ክጎድል ኣብ ርእሲ ምግባሩ ሓያል ውድድራት ዕዳጋ እውን ፈጢሩ ይርከብ።

ንብትሪ መካይን ማስርሒ ዝውዕል ኣብ ውሱን ሃገራት ጥራይ ዝርከብ ከም ሊትዩም ዝኣመሰለ ማዕድናት ዘለወን ሃገራት እውን ሓደሽ ኣፍደገታት በረኸት ተኸፊቱለን ኣሎ።




ቢራ ማይ ሽቓቕ

ኮፕ 29 ወይ ዋዕላ ባኩ፡ ሎሚ ዘበን ኣብ ታሪኽ ዓለም ዝወዓየት ዓመት ክትከውን ኣብ ዝተገመተሉን ብዙሕ ዕልቕልቕ ውሕጅን ህቡብላዊ ማዕበላትን ባርዕ ጫካታትን ኣብ ዝተጋህደሉን ዓመት እዩ ተኻይዱ።

ዝቕጽል ኮፕ 30 ኣብ ብራዚል ክካየድ ቈጸራ ተታሒዙ ኣሎ። ዝገፍሐን ዝዓበየን ጫካ ኣማዞን ዝርከቦ ብራዚል፡ ኣብ ምዕቃብ ኣግራብ ዓለምን ብጽዕጹዕ ምግራብ ሓምላይ ዓለም ኣብ ምፍጣር ዘተኰረን ዛዕባታት ከተኣንግድ ተስፉ ይግበር። ቱርክን ኣውስትራልያን ከኣ 2026 ንዝካየድ ኮፕ 31 ከኣንግዳ ጸውዒት ኣቕሪበን ኣለዋ።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ ጸባቐ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተኩኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ገሉብ ድሓን |
| 14:25 | ፍረ ጻዕሪ |
| 15:00 | ህርመት |
| 16:25 | ካብ ዞባታት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ቆላሕታ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ማእገር |
| 19:45 | ቀስተ ደሕሕት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መልሲ ኣብ ማስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ጉዓም ኣብኑ ሊባኖስ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ሕዋሪት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

## ነጥበ መቐይሮ

14 ክፋል

*"ከኒታት ሩሕኻ ንኸኒታት ህይወትካ ይወስኑ። እቲ ምንታይሲ፡ ብኸመይ ትሓስብ፡ እንታይ ይስምዓካ ከምኡ እውን እንታይ ክትሰርሕ ትደሊ ብእኡ እዩም ዝውሰኑ።" - ግሪጎሪ ዲከው*

*"ገዚብ ምርካብ ናይ ኩሉ ሰብ ዋኒን ኣይኮነን፡ ሕያውነት ምኽናኡ እቲ ዝኸበረ ክፋል ዋኒን ህይወት እዩ።" - ሳሙኤል ጆንሰን*

ናብ ወሸጥኻ ኣዕሚቕካ ብምጥማት፡ ምሳኻ ዚያዳ ዝወሃዱ ክብርታት ምልላይ ረብሓኡ ቀሊል ኣይኮነን። ገለ ተወሰኽቲ ሓሳባት ክህቡኻ ዝኽእሉ ዝርዝራት ክብርታት ይስዕቡ፥

* ንፍገት፦ ነፋግ ወይ በቓቕ ምኳን ንገዚብካ ብጥንቃቐ ምውጻእ ከምኡ እውን ንምቕጣብ የጠቓልል። ንብቂ መብዝሕትና ብኣሉታ ጥራይ ኢና እንጥምቶ። ገለ በቓቓት ሰባት ናቶም ዘይህቡ፡ ናይ ሰብ ዘይደልዩ እዮም። ንሳቶም ብኸመይ ብቦጀት ትምራሕ ልዑል ብቕዓት እዩ ዘለዎም።

* ዘይጸግዕተኛነት፦ ንዘይጸግዕተኛነት ክብሪ ምሃብ ማለት ብዑበሸካ ምሕዳር ባህ ከም ዝብለካ እዩ ዘመልክት። ሓገዝ ምሕታት ወይ መሳንይቲ ምርካብ ጸገም እኳ እንተ ዘይብሉ፡ ናይ ዝኾነ ሰብ ጸግዕተኛ ከይኮንካ ህይወትካ ምምራሕ ልዑል ክብሪ ከም ዘለዎ ክንዝንግዕ ኣይግባእን።

* ርእሱርህራሀ፦ ንውሽጣዊ ዕግበትካ ኣልካ ኣብ እትሰርሓሉ እዋን ርእሱ ርህራሀ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ክንዲ ንገዛእ ርእስኻ እትነቕፍ፡ ክሳብ ዝከኣለካ ንኽትዕወት ሓርኩትኩት ኢኻ ክትብል ዘለካ።

* ቅንዕና፦ መብዝሕትና ካልኦት ሰባት ብስነ ምግባራዊ ክብርታት ከም ቅንዕና ዝኣመሰሉ ህይወቶም ክመርሑ ክንርእዮም እንክለና፡ ልዑል ኣድናቖት ኢና እንህቦም። የግዳስ ባዕልና ነቶም ስነ ምግባራውያን ክብርታት ኣብ ህይወትና ዘይንጽበርቓም ውሑዳት ኣይኮንናን። ቅኑዕ ምኳን ንተብዮት የጠቓልል። ብጽንጋጸን ልባን ክንጽበረቓ ድማ ይግባእ።

* ተሓታትነት፦ ተሓታትነት ንሕሉው ከኒታትካ ባዕልኻ ሓላፍነት ምውሳድ እዩ። እዚ ማለት ንጌጋኻ ክትእመኖ ካብ



ጌጋኻ ምምሃርን የጠቓልል። ንሸቶታትካ ሓላፍነት ምውሳድ እውን ከጠቓልል ይኽእል።

* ርግእነት፦ ንናይ ካልኦት ሰባት ዝሀቡኻ ፍርዲ ብዘየገድስ ምስ ገዛእ ርእስኻ ሓቀኛ ምኳን እቲ ናይ መወዳእታ ሕላገት ናይ ኣብ ገዛእ ርእስኻ ዘለካ ርግጸኛነት እዩ። ንርገጸኛነት ክብሪ ክትህብ እንተለኻ ንዘይከውንዋ ክትመስል ሀርዲግ ኣይትብልን ኢኻ። ኣብ መወዳእታ ድማ ናብ ተደናፂ ደረጃ ርእሰ ምቕባል ኢኻ እትበጽሕ።

* ጽኑዕ ህላወ፦ ብዙሓ ሸቶታት ጽኑዕ ህላወኻን ጥዕናኻን ምግዳስ ኣብ መወዳእታ ከም ዝርብሓካ ከቶ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ንስለታዊ ምውሰዋስ ኣካላትን ጥንቁቕ ኣመጋግባን ምስዓብ ነዊሕ ዕምሪ ንኽትነብር ዘለዎ እጃም ቀሊል ኣይኮነን።

* ተኣማንነት፦ ንተኣማንነት ዘደንቕ ሰብ ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን። ኣብ ስራሕካ፡ ምስ መሻርኽትኻ፡ ምስ ዓርኩመሓዙትካን ካልኦትን ብተኣማንነት ክትሰርሕን ህይወትካ ክትመርሕን ተመራጺ እዩ። ንስኻ ተኣማኒ እንተ ኼንካ፡ ንኻልኦት ሰባት ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት ክትሕግዞ ድሉው ኢኻ እትኸውን።

* ማሕበረሰብ፦ ኣገዳሰነት ማሕበረሰብ ብቓላሉ ዝግለጽ ኣይኮነን። ኣባል ሓደ ጉጅለ ምኳን ንኣእምሮኣዊ ጥዕና እምብዛ ኣገዳሲ እዩ። ኣባል ሓደ ማሕበረሰብ ምኳንካ ዘይሰማዓካ እንተ ኾይኑ፡ ባዕልኻ ናትካ ማሕበረሰብ ማስርት። እዚ ሓደ ክለብ ብምምስራት ወይ ጉጅለ ዓርኩመሓዙት ብምምስራት ክትጅምሮ ትኽእል ኢኻ።

* ርእሰምንጽብራቕ፦ ርእሰምንጽብራቕ ዝርዝር ኣካል ናትካ ሕመረት ክብርታት እንተ ኾይኑ፡ ንኣስተንትኖ ልዑል ኣድናቖት ኣለካ ማለት እዩ። ንዓኻ ዓሚቝ ኣተሓሳስባን ርእሰ ንቕሓትን ኣገዳሲ ባህርያት እዮም። እዚ ባህሪ ኣብ ካልኦት ሰባት ክትርእዮ እንክለኻ ተደንቕ ወይ ኣብ ገዛእ ርእስኻ ከተንጽበርቖ እንክለኻ እውን ተደንቖ።

ንውልቃውያን ክብርታትካ ብኸመይ ኢኻ እትገልጾ? ንገለ ሕቶታት ምምላሱ ኣብ ምግላጽ ክብርታት ናይ ገዛእ ህይወትካ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ። ንዓኻ ዚያዳ እንታይ ከም ዘይደስካ ንምእላሹ ዝም ዝስዕቡ ልምምዳት ፈትኖም። ነፍሲ ወከፍ እትህቦም መልሰታት ናብ ዝርዝር ክብርታትካ ንኽትጽንብሮም ክድርኹኻ እዮም።

1. ኣብ ህይወትካ እቶም ዚያዳ ትርጉም ዘለዎም ህሞታት ኣየናት እዮም?

ብዙሓ እቶም ኣብ ህይወትካ ኣገዳስቲ ዝኾኑ ህሞታትን እንታይ ዚያዳ ትርጉም ከም ዝሀቦምን ሕሰበሉ። ምናልባት እቲ ዚያዳ ትርጉም ዘለዎ ህሞትካ፡ ዕላማ ህይወትካ ንጹር ምስ ኩነ ክኸውን ይእኽል እዩ። ምናልባት እቲ ህሞት መጻልቲ መርዓኻ ክኸውን ይኽእል። ምናልባት እቲ ህሞት ካብ ዩኒቨርሲቲ እተመረቕካሉ ዕለት ክኸውን ይኽእል። ንትርጉም ዘለዎም ህሞታትካ ምርዳእ ንሕመረት ክብርታትካ ኣብ ምርዳእ ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም።

2. ዝተሓተ ዕግበት እተሰምዑኻ ህሞታት ኣየናት እዮም?

ብዙሓ እቶም ዘይዓንበኩሉም ህሞታት ምሕሳብ፡ ነቶም ክብሪ ዘይትህቦም ኣየናት ምኳናም ንኽትውሰን ኣብ ምሕጋዝ ዘለዎም ተራ ቀሊል ኣይኮነን። ከም ዝኣም ዓይነት ዝኽርታት ናብ ዝርዝር ሕመረት ክብርታት እንታይ ክትውሰኽ ከም ዘለካ ገለ ሓሳባት ክህቡኻ እዮም። ንኣብነት፡ ኣብ ሓደ ዝተኣንገደትካ ምዝንጋዕ ከይዓንበካ ዝወጻእካሉ መዓልቲ ትዝክርዶ? ከምኡ እንተ ኾይኑ፡ እዚ ኣብ ዝርዝርካ ንኽትጽምብሮ ከቶ ዓይንኻ ኣይትሕሰ።

3. ንዓኻ መን እዩ ዝድርኸካ?

ብዙሓ መን ከም ዝድርኸካ ብምሕሳብ፡ ነቲ ንስኻ ኣብ ካልኦት ሰባት ክብሪ እትህቦ እወታዊ ባህርያት ሰብኣዊ መንነት ክተለልዮ ትኽእል ኢኻ። ብዙሓ እቶም ንስኻ እተደንቖምን እተኽብሮምን እንታይ ከም እትፈታተወሎም ኣስተንትን። ኣብ መንነቶም ገለ ናይ ሓባር ሕመረት ክብርታት ክህልዉኻ ምኽኣሎም ተኻእሎ ኣሎ።

4. እንታይ እዩ ዘሕርቐካ?

እቶም ንኽብርታትካ ዝቃወሙ ነገራት፡ ሓያላት ስምዒታት እዮም ዘምጽኡ። ነቶም ሓቀኛታት ክብርታትካ ክትገልጾም እንክለኻ፡ ብዙሓ እንታይ ከም ዘሕርቐካ ሕሰብ። ንሓደ ዘሕርቐካ ህሞት እንተ ዘከርካ ንቕንዕና ክብሪ ክትህብ ዘሎ ዕድል ዝሰፍሐ እዩ። እዚ ልምምድ ናብ ዝርዝር ሕመረት ክብርታት ክትውሰኽ ክሕግዞ ይኽእል እዩ።

5. ንዓኻ ዝምእምኣካ ኣከባቢ እንታይ እዩ?

እቲ ዝምእምኣካ ኣከባቢ ብዙሓኻ ብዙሕ ክዝረብ ይኽእል እዩ። ሓደ ቦታ ኣብ ርእስኻ እሞ ቕረጽ፡ ኣበይናይ እዋን እቲ ቦታ ከም ዝፈኸሰካ ድማ ኣቕልበሉ። ኣብ ህዱእ ኣከባቢ ምስ ንፃሆ ጸሓይ ብሩቕ ዘማዕካ እንተ ኾይኑ፡ ንሰላም ክብሪ ክትህቦ ዘሎ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ። ኣብ ዕመር ጫካ ክትኣቱ እንከለኻ ዝበለጸ ስምዒት ዝሰርጸካ እንተ ኾይኑ፡ ኣብ ጫካ እትሕልፎ ግዜ ሓደ ካብ ሕመረት ክብርታትካ ክኸውን ይኽእል።

6. ንስኻ ዚያዳ እትኾርዓሉ እንታይ እዩ?

ንስኻ ብፍሉይ እትሕበኑሉ ባህሪ ሰብኣዊ መንነት ኣለካዶ? ብዙሓት ሕመረት ክብርታትካ፡ እቶም ንስኻ ድሮ እተንጸባርቖም ባህርያት እዮም። ምናልባት ሓደ ሰብ ንፈጠራውነትካን ጻዕራምነትካን ከንጽብርቕ እንከሎ ትኾርዕ ትኸውን። ምናልባት ብስራሕካ ኩርዓት ይሰምዓካ ይኸውን እዩ። ኣብ ስራሕካ ብእትፈጥሮም ዓርኩመሓዙት ትኾርዕ እውን ክትከውን ትኽእል ኢኻ። እዚ ኣብ ህይወት ንዘለካ ቀዳምነታትን ክብርታትን ጽቡቕ ሰእሊ ክህበካ ይእኽል እዩ።

## ሕመረት ክብርታት

ንክብርታትካ ምግላጽ ኣብ መወዳእታ ናብ ቅኑዕ ኣንፈት ክትሕዞ ይኽእል። ባህርያትካ ምስ ክብርታትካ ክሰማዕ እንከለው፡ ሓቀኛ ህይወት እትመርሓሉ ዕድል ዝሰፍሐ ይኸውን። ሓቀኛን ቅዱውን ህይወት ዚያዳ ሕቡን ከም እትኸውን እዩ ዝገብረካ።

ገለ ትሕዝቶታት ኣብ ዝርዝር ሕመረት ክብርታትካ ዝርከቡ፡ ምናልባት ንሓድሕዶም ዘይቃደዉ ክኾኑ ይኽእሉ። እዚ ናብ ውሽጣዊ ቅልውላው ከም ዝምርሕ ከም ርዱእ ክወሰድ ይከኣል እዩ።

ንኣብነት ንስኻ ንኽልቲኦም ፈጠራውነትን ርግኣትን ክብሪ እትህቦም ዓይነት ሰብ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ከምዚ ዓይነት ግርጭት ልሙድ ቃልሲ ኩይኑ፡ መብዝሕትኦም ሰባት ኣብ ምምራጽ ሞያ ከዋጃብርዎም እንክሎ እዩ ዚጋጥሞም። ኣብ መወዳእታ፡ ንስኻ ጥራይ ኢኻ ንገዛእ ርእስኻ ቅኑዕ ምርጫ ክትውስኖ እትኽእል።

ዝርዝር ሕመረት ክብርታትካ ተጠቒምካ፡ ንስኻ እትሕበሉ ህይወት ፍጠር። እዚ ሸቶታትካ ኣብ ምንጻር እውን ልዑል እጃም እዩ ዘለዎ። ንስኻ ዚያዳ ኹናይ ክብሪ ከም እትህብ ንገዛእ ርእስኻ ምዝኽኻር፡ ኣጣካ ልዑል ድርኸት ይፈጥር። እቲ ድርኸት ንስኻ ምእንቲ ሸቶታትካ ክትጭብጥ፡ ጸዓፍ ግብራዊ ውጥን ንኽትውጽእ ዝሕግዘካ እዩ።

ንገለ ካብ ክብርታትካ ከም መቓቕሒ ኣብ ምልምማድ ጥዕና ዘለዎም ልምድታት ክትጥቀመሎም ትኽእል ኢኻ። ንስኻ ንፈጠራውነት ክብሪ እትህብ ሰብ እንተ ኼንካ፡ ከም ተልእኾ



ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰሙን ንሓንቲ ፕሮጀክት እትውድኣሉ ሓሳብ ገይርካ ተጠቐመሉ። ወይ ዚያዳ እወታዊ ክትከውን እንተ ደሊኻ ከም ኣብ ነፍሲ ወከፍ ንግሆ ብእወታዊ መረጋገጺ እትጀምረሉ ካፕቢ ወሰዶ። ንባህርያትካ ናብ ዚያዳ ንጹር ዄብራቕ ክብርታትካ ምልዋጥ ናብ ዕግበት ክመርሓካ ይኽእል እዩ።

ንውሽጣዊ ስራሕካ ልዑል ኣቓልቦ ክትህቦ ኣሎካ። ውሽጣዊ ስራሕ ክበሃል እንከሎ ድምር ናይ ውሽጣውያን ልምምዳት ንስኻ እትጽመደሉ እዩ። ንውሽጣዊ ስራሕ ምልምማድ ንርእሰ ምምሕያሽ እምብዛ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ምናልባት ኣብ ከቢ ምምርማር ስምዒታትካ፡ ባህርያትካ ወይ ዝኾነ ካልእ መዳይ ውልቃዊ ምዕባለ ዝሽክርክር ክኸውን ይኽእል። ንስኻ ንገዛእ ርእስኻ ኣብ ህይወት እንታይ ከም እትደሊ ክትሓትታ እንክለኻ ከምኡ እውን ስለውጢ ከምጽእ ዝኽእል ዕዮ ከተበርክት እንክለኻ፡ ውልቃውያን ክብርታትካ ምስኡ ከንጸብርቑ ይኽእሉ እዮም።

ንትርጉም ውልቃውያን ክብርታት እምበኣር፡ ኣጥዒና ኢና ክንፈልጦ ዘለና። እቲ ምንታይሲ፡ ውልቃውያን ክብርታት ኣየናይ እዩ ዕዉትን ትርጉም ዘለዎን ህይወት ኣብ ምምዛን ልዑል እጃም እዩ ዘለዎ።

ሓደ ሰብ፡ "ኣነ ንፉዕ ሰብ ክኸውን እየ ዝደሊ።" ክብል ይኽእል። እቲ ሰብ ነቲ 'ንፉዕ' ዝብል ቃል ዝሀቦ ትርጉም እዩ እምበኣር ነቲ ንሱ ዝሀቦ ክብሪ ዝገልጾ። ገለ ሰባት 'ንፉዕ ምኳን' ምስ ምኽዕባት ገዚብ ጥራይ ከተኣሳስርዎ ይኽእሉ እዮም። ካልኦት ምስ ምምስራት ጥዑይ ስድራ ቤት ጥራይ ከዛምድዎ ይኽእሉ። ገለ ድማ ምስ መሳጢ ተመክሮ ምስትምቓር ከተኣሳስርዎ ይኽእሉ። ዝኾነ ይኹን እምበኣር፡ ኣብ መወዳእታ ብውልቃዊ ክብርታትና እዩ ዝውሰን።

ክንዲ ዝኾነ፡ ብዙሓ ክብርታት ከይተዛረብካ፡ ብዙሓ ርእሰ ምምሕያሽ ክትዛረብ ከቶ ኣየምሕረልካን እዩ። 'ምዕባይ' ጥራይ እኹል ኣይኮነን። ዝሓሸካ ሰብ ምኳን ጥራይ ንበይኑ እኹል ኣይኮነን። ዝሓሸ ሰብ ማለት እንታይ ምኳኑ ፈትፊትካ ክትገልጾ ይግባእ። በየናይ ኣንፈት ክትዓቢ ከም እትደሊ ክትውሰን ኣሎካ። ከምዚ ክትገብር እንተ ዘይክኢልካ፡ ኣብ ሓደ ዓንኬል ሽኾርተት እናበልካ ምንባር እዩ ክኸውን ጸሕፉቶኻ።

ብዙሓት ሰባት እዚ ኣይፈልጥዎን እዮም። ብዙሓት ሰባት ኩሉ ሻብ ኣብ ብኸመይ ሕጉሳትን ጽቡቕ ስምዒት ከም ዝረኽቡን ጥራይ የተኩሩ ኣለው። ንሳቶም ክብርታቶም እንታይ ኳፈም፡ ሕጉሳት ምኳን ካብ ክሕግዞም ምሕር ከም ዘለዎም ኣይግንዘብዎን እዮም።

መብዝሕትኡ ግዜ ነቲ ክብሪ እትህቦ ኢኻ እትሰርሖ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ህሞት ናይ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ፡ ይፈለጥካ ኣይፈለጥካ ብዘየገድስ ውሳኔ ምውሳድካ ዘይተርፍ እዩ። እቲ ውሳኔ ንግዜኻ ብኸመይ ትጥቀመሉ፡ ኣበይናይ ኣድህቦ ከም እትገብር፡ ንጸዓትካ ዚያዳ ናበይ ኣንፈት ከተትሕዞ ከም ዘለካ፡

… ክኸውን ይኽእል።

ሕጂ ነዚ ዓንቀጽ ክተንብቦ ወሲንካ ስለ ዘለኻ ኢና ተራኺብና ዘለና። ንዓኻ ማእለያ ዘይብሎም ነገራት እትዓምሞም እኮ ነይሮምኻ እዮም። የግዳስ ኣብ እዛ ህሞት እዚኣ ኣብ እዛ ቦታ እዚኣ ክትህሉ ምርጫኻ ኩይኑ ኣሎ። ምናልባት ድሕሪ ገለ ደቓይቕ ነዚ ዓንቀጽ ምስ ዛዝምካዮ፡ ጉዕዞኻ ትቕጽል ትኸውን ወይ ትድቅስ ትኸውን። ሓደ ሰብ ሃንደበት ስለ ዝደወለልካ፡ ነዚ ዓንቀጽ ካብ ምንባብ ትግናደብ ትኸውን።

ከምዚ ክትገብር እንከለኻ ኣብ ክብርታትካ ተመርኲስካ ገለ ነገር ምውሳንካ ኣይተርፍን እዩ። ነዚ ዓንቀጽ ምንባብ ደዩ ዘዋጽኣካ ዋላስ ዕሸሽ ኣልካ ምሕላፉ ንዓኻ ጥራይ ዝምልከት ውሳኔ እዩ። ባህርኻ ነቲ ክብሪ ተኸቲሉ እዩ ዝቕጽል።

*"ፍልሊየት ባህርያት ብስሪ ንኽብርታት ማዕረ ግዜ ዘይምሃብ እዩ ዝስዕብ።" - ሻናን ኣሊደር*

*"ንኽብርታትካ ብዘንጸብርቕ መንገዲ ህይወትካ ምምራሕ፡ ብዙሓ እቲ ንስኻ እትሰርሖ ጥራይ ዘይኮነ እንኳላይ ብዙሓ ንገራት ብኸመይ ትሰርሖም እዩ።" - ዴብራ ደይ*

ይቕጽል

# ኣንኮሮ

ማርታ ክብሮም

## ካብ ጽምብላት ብጽሕና

ኣብ መጋንደስ - ኢንዶኔዥያ ጽምብል ምምላእ ሰኒ ዝበሃል ኣሎ። እዚ መጀመርታ ወርሓዊ ጽግያት ንዝጀመረን ደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ዝተፈደ ኮይኑ፣ በሊሕ ሜፍ ሰኒ ዓቃቢቶ ናይ ምእላይ መስርሕ እዩ። ህዝቢ ባሊ፣ እዚ ጽምብል ኣሉታውያን ስምዒታት ከም ስስዐ ቅንኢ፣ ሕርቃንን ዓመጽን ከም ዘርሕቕ ይኣምኑ።

ኣብ ኣመሪካ ዝነብሩ ቀቢላ ኢፓቼ ን4 መዓልታት ዝቕጽል ጽምብል ብጽሕና የካይዱ። ጽምብል 'ብራቕ ጸሓይ' ተባሂሉ ድማ ይፍለጥ። ቅድሚ ጽምብል ምጅማሩ፣ ደቂ ኣንስትዮ ኢፓቼ ን6 ኣዋርሕ ይመሃራን ልምምድ የካይዳን። እቲ ትምህርቲ ንኣደንት ዝምልከት እዩ። ብዝይካ'ዚ ምእንቲ ኣብዚ ጽምብል ብምሉእ ሓይለንን ከይደኸማን ክሳተፋ፣ ሓይለን ክዕቅባ ኣለወን። ኣብ መዓልቲ ጽምብል ብራቕ ጸሓይ ድማ ገጸን ብጮቃ ብምልካይ ንሰዓታት ከየዕረፋ ይስዕሳን ይጎያን። ኣብ መወዳእታ ድማ ብጻበይቲ ኣቦታት ይምረቓ።

ጽምብል ብጽሕና ኣይሁዳውያን ደቂ ተባዕትዮ 'ባር ሚትዝቫህ' ደቂ ኣንስትዮ ድማ 'ባት ሚዝቫህ' ይበሃል። ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ማብል 13 ዓመት ክጽምብልዎ ከለዉ፣ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ 12 ዓመተን እየን ዝጽምብላ። እዚም ኩተኬታት ድሕሪ ጽምብል ብጽሕና ንሕግታትን ሃይማኖትን ኣይሁድ ሓላፍነታውያንን ወፋያትን ከም ዝኾኑ ኣብ ቅድሚ ሕብረተሰቦም ቃል ይኣትዉ።

ባህሊ ኣሚሽ 'ሪምስፕሪንጋ' ዝበሃል ኮይኑ 16 ዓመት ንዝበፅሐ ኣባሎም ከም ብጹሒ እዮም ዝቕበልዎ። ኩሎም ኣብ ዕድመ ዝረገጹዋ ኩቴተታት ን2 መዓልታት ካብ ስድራኦም ብምርሓቕ፣ ናጻ ኩዩናም ደስ ዝበሎም ይገብሩን ብውዕወዕ መንፈስ ይዘናግዑን። ዕላማ እዚ፣ እዚም ከም ኣብጽሐ ተቐጺሮም ዘለዉ መንእሰያት ቅድሚ ናብ ሕብረተሰቦም ምጽንባሮም ካብ ባህሎምን ሕብረተሰቦምን ወጻኢ ንዘሎ ንጥፈታት ብሓፈሻ ኩሉ ኩነታትን ኣካይዳን ዓለም ንምርኣይ ዝዓለመ እዩ። ኣብ'ዚ ግዜ ናብ ሕብረተሰቦምን ዓዶምን ክምለሱን ዘይክምለሱን ናቶም ምርጫ እዩ። እቶም ክምለሱ ዝወሰኑ ድማ ተጠሚቖም ኣባል ቤተ ክርስትያን ኣሚሽን ሕብረተሰቦምን ይኾኑ።



ኣብ ዝጠዝለ ማእከላይን ደቡባውን ክፋል ላቲን ኣመሪካ፣ ደቂ ኣንስትዮ 15 ዓመት ምስ ገበራ 'ኩይንሴኒራ' ዝበሃል ጽምብል የካይዳ። እዚ ጽምብል ብመንፈሳዊ ንጥፈት እዩ ዝጅምር፣ ናይ እምነት ካየለክ ዝተጠመቓሉ ማሕላአን ድሕሪ ምሕዳስ ንስድርአንን እምነተንን ወፋያት ኩይነን ከም ዝነብራ ይገልጻ። ድሕሪ'ዚ ናይ ምስዕሳዕን ምምጋብን መደብ ይካየድ። ኣብ ገለ ሕብረተሰብ ድማ እዘን ዕድመ ብጽሕና ዝበጽሓ ደቂ ኣንስትዮ ነዚ ጽምብል ድሕሪ ምኪያደን ካብ ካይላ ዝተሰርሐ ባምቡላ ንምንኣሰን ኣሓተን ብመልክዕ ህያብ ይህባኣን። ከምኡ'ውን እኽላት ደቂ ኣንስትዮ ከም ዝኾና ንምርኣይ ታኬት ዘለዎ ጫማ ክገብራ ይጅምራ።

ደቂ ደቡብ ደሴት ባፊን ሕብረተሰቦም ከም እኹላት መንእሰያት ክቕበልዎም እንተ ኾይኖም፣ መጀመርታ ምስ ኣቦታቶም ኮይኖም ኣብ ማብል 11-12 ዓመቶም ናብ በረኻ ብምኻድ ሃድን ክመሃሩን ኑቲ ብበረድ ዝተሸፈነ ቀራሪ ከኻታት ኣየር ክብድህዎን ኣለዎም። ሎሚ እዚ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ጥራይ ተሓጺሩ ዝበረ ባህሊ፣ ደቂ ኣንስትዮ ከይተረፉ ክስዕብኦ ጀሚረን ኣለዋ።

ማለዥያውያን ደቂ ተባዕትዮ ዕድመ ኩትትና በጺሖም ከም እኹላት ክወሰዱ እንተ ኾይኖም፣ ኣብ 11 ዓመቶም ክኸሸቡ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ቁርኣን ብዝምባእ ክጽንዕኦ ኣለወን። ብፍላይ ደቂ ኣንስትዮ ናብዚ ጽምብል ብጽሕና ቅድሚ ምብጽሐን ንመወዳእታ ምዕራፍ ናይ ቁርኣን ኣብ ቅድሚ መሓዙተንን ስድራ ቤተንን ብቓለን ክወጽኣኦ ስለ ዘለወን ክለማመድኦ ብዙሕ ግዜ እዩ ዝወስደለን።

ኣብ ኬንያን ታንዛንያን ዝነብሩ ህዝቢ ማሳይ ሓደ ካብቶም ብዙሕ ጽምብላት ዘለዎም ቀቢላ እዮም። ካብ 10-20 ዝዕድመኦም መንእሰያት 'ተዋጋእቲ ክላስ' ተባሂሎም ብምጽዋዕ ኑቲ ጽምብል ኣብ ዝተዳለወ ብዙሕ ገዛውቲ ብሓንሳብ ይቕመጹ። ኣብ ድሮ'ቲ ጽምብል ድማ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ በረኻ ብሓንሳብ ተኣኪቦም ይሓድሩ። ኣብ መዓልቲ ጽምብል ካብ ኣልኮል፣ ደም ላምን ጸባን ተሓዋዊሱ ዝተሰርሐ መስተ ይሰትዩ። ኣብ'ዛ መዓልቲ ብዙሓት ጥሪት ይሕረዱ። ድሕሪ'ዚ ጽምብል ኩሎም ምስ ተኸሸቡ ንናይ ሕብረተሰቦም ውግእ ተዋጋእትን ተኸላኸልትን ከም ዝኾኑ ቃል ይኣትዉ። እዚም ጽምብል ብጽሕና ዝሓለፉ ደቂ ተባዕትዮ ዝኾነ ሃገር ኣብ ዝነብሩሉ ግዜ ፈጺሞም ድሕር ክብሉ የብሎምን። ምኽንያቱ እዚ ምጥባር ንስድራ ቤቶም ውርደትን ሕፍረትን ዘምጽእ ተግባር ስለ ዝኾነ። ከም ሳዕቤኑ ድማ ንዝቕጽል 10 ዓመት ኣብ ናይ ተዋጋእቲ መዓስከር ብምቕማጥ ብዙሕ ናይ ኩናት ስልጠናታት ይመሃሩ። ትምህርቶም ድሕሪ ምዝዛሞም ድማ ምስ ዝመረጹዋ ጓል ኣንስተይቲ ክምርዓዉ ይፍቀዶም።

---

ሺሃብ ኣርኣያ

## በባህልኻ ጥዑም!

ብርክት ዝበሉ ህዝብታት ንስጋ እንቋርዖብ ካብ ስጋ ደርሆን ኣጠልን ፈልዮም ኣይርእዩዎን'ዮም። ኣብ ሙብዝሕትኦን ሃገራት ኤሲያ ብፍላይ ከኣ ቬትናም፣ እንቋርዖብ ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ተዳልዩ ንመግቢ ትቐርብ። እቶም ዝያዳ ዝምረጹ ኣካላታ ከኣ ኣእጋራን ቀርበታን እዮም። ክሳብ ቀይሕ ሕብሪ ዝሕዙ ድሕሪ ምቕላው ከኣ ይቐረብ። እንቋርዖብ ዝተመገቡ ሰባት፣ መቐረታ ካብ መቐረት ስጋ ደርሆ ዝፈሊ ከም ዘይብሉ'ዮም ዝገልጹ።

ኣብ ፈረንሳ'ውን ኣካላት እንቋርዖብ ብትሕዝቶታት ፕሮቲን፣ ቪታሚን ኤን ኦሜጋ 3ን ሃብታም ብምዃኑ፣ ልዑል ጠለብ'ዩ ዘለዎ።

ናብ ቻይና ገጽና ምስ እንብል፣ ከም'ቲ ብዙሕ ዝገለጽ መኣዲ ቻይናውያን ብዝተፈላለዩ ትሕዝቶታት ሃብታም'ዩ። "እንትርፎ ብኽልተ እግሩ ዝኸይድ ሰብን ኣርባዕተ ዝእግሩ ጣውላን ኩሉ ኢና እንበልዕ" ብምባል ዝዛረቡ ቻይናውያን፣ ዳርጋ ንኹሎም እንስሳታት'ዮም ዝምገቡ።

ሓደ ካብ'ቲ ዘገርም ዓይነት መግቦም ከኣ፣ ቅልዋ ኣእጋር ደርሆ'ዩ። እቶም ኣእጋር፣ ኣብ ውዑይ ማይ ድሕሪ ምጥጣቖም፣ ኣብ ውዑይ ዘይቲ ተቐሊዮም ምስ ብዙሕ በርበረ ዘለዎ ስልሲ'ዮም ዝቐረቡ። እዚ ምምጋብ ምስ እትጸየን ከኣ፣ ጸገም የለን። ናይ 100 ዓመት እንቋቑሖ ዝበሃል ዓይነት መግቢ ኣለዎም። እዚ ንእንቋቑሖ ደርሁ፣ ረጋቢት ወይ ደርሆ ማይ፣ ኣብ ጭቃ ወይ ድማ ሓመኸሽቲ፣ ክሳብ'ቲ ደጋዊ ጻዕዳ ሕብሩ ናብ ጸሊም፣ ውሽጡ ከኣ ናብ ደሚቕ ቀጠልያ ዝልወጥ'ዮም ዝደፍንዎ። እቲ እንቋቑሖ እዚ ሕብሪ ክሕዝ ልዕሊ ሽዱሽተ ኣዋርሕ'ዩ ክድፈን ዘለዎ። ምስ ተቐረበ ከኣ፣ ስብርብር ኣቢልካ ትበልዖ። ቻይናውያን ብዙሕ ካብ መግብታቶም፣ ዘጺዩንን ክትበልዖ'ውን ኣሸጋርን ምዃኑ ዝኣምኑ'ኳ እንተኾኑ፣ ንሶም ግና፣ "ንዘኾኑ ዓይነት መግቢ፣ ኑቲ ዘለዎ ልዑል ትሕዝቶ ንምርካብ ኢልና ስለ እንምገቦ፣ ጣዕሙን ሽታኡን ኣየገድሰናን'ዩ" ብምባል'ዮም ዝዛረቡ። ኑቲ ጣዕሚን ሕማቕ ሽታን ንምእላይ፣ ከም ለሚንን ካልእ መማቐርትን ግና ይቐርበልካ እዩም።

